ኢንተርፕራይዝ ስራሕቲ መንገዲ ክልል ትግራይ ካብዚ ንታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ንብረት ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ንብረት ክገዝእ ስለዝደለየ ሕጋዊያን ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም፡:

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 4, 2018 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 6, 2018 10:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 6, 2018 10:15 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መኪና ክራይ/ ትራንስፖርት ግልጋሎት/

ናይ ፕሮፎርማ ዕደጋ ፃውዒት

ኢንተርፕራይዝ ስራሕቲ መንገዲ ክልል ትግራይ ካብዚ ንታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ንብረት ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ንብረት ክገዝእ ስለዝደለየ ሕጋዊያን ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም፡:

ናይ ማይ ግልጋሎት

ተ/ቑ	ዝድለ ንብረት	ዝመፀሉ ቦታ	መዐቀኒ	በዝሒ	ናይ ሓደ ሜትር ኪዩብ	መብርሂ
01	ማይ ትፅዕን ቦቲ መኪና ክራይ	ካብ ኣይናለም ከባቢ	ሜትር ኪዩብ	720 M3		ካብ ኣይናለም ንሕና ዝገዛእናዮ ማይ ንምጉዕዓዝ ብናይ ባዕሎም ቦቲ መኪና ብምፅዓን ናብ ዋና ቤ/ት/ኢ/ስ/መ/ት ናብ ላዕሊ ሮቶን መሬትን ብናይ ባዕሉ ሰራሕተኛን ዋተር ፓምፕን ዝመልእ።

1. ፕሮፎርማ ዝቐርበሉ ቦታ፡ ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን

2. ፕሮፎርማ ዝቐርበሉ ጊዜ፡ ክሳብ ዕለት 05/02/2018 ሰዓት 10፡00 ድ/ሰዓት

3. ተወዳዳሪይ ስዓራይ ምኻኑ ናይ ዕደጋ ትእዛዝ ምስተውሃቦ ኣብ ውሽጢ 5' መዓልቲ ከቕርብ ግዴታ ኣለዎ።

4. ተወዳዳሪ ኣግባብነት ዘለዎ ብግልፂ ዝንበብ ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ፣ ናይ ግብሪ ከፋሊ መፍለይ ቑፅሪ ፣ ናይ ንግዲ ዘርፍን (መቕረባይ)ካሊእ ኣድላይ መረዳእታን ዘቕርብ፤

5. ተወዳደርቲ ዝመልእዎ ሰነድ ፕሮፎርማ ብናይዚ ትካል ዝወፀ ሰነድ ክኸውን ይምረፅ ፣ ብናይ ባዕሎም ሰነድ እንተመሊኦም ግን ምስቲ ናይ ትካልና ዝወፀ ሰነድ ፕሮፎርማ ሓደ ዓይነት ክኸውን ኣለዎ ።

6. እዚ ናይ ፕሮፎርማ ዕደጋ ምልክታን ብተወዳደርቲ ዝቐርብ ናይ ፕሮፎርማ ዋጋ ዝሓዘ ሰነድን ኣብ መንጎ ገዛእን ሸያጥን ከም ውዕሊ ኮይኑ ይሰርሕ
7. ስዓራይ ዝኾነ ተወዳዳራይ እቲ ንብረት ኣታዊ ብዘይ ምግባሩ ኣብቲ ኢንተርፕራይዝ ዝበፅሐ ጉድኣት ብምርኣይ ትካል ብሕጊ ክሓትት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ይኽእል።

8. ተወዳዳሪ ኣብ ዝቐርብ ናይ ፕሮፎርማ ሰነድ ፊርማን ማህተምን ናይ ምግባር ግቡእ ይህልዎ።

9. ናይ ዕደጋ ትእዛዝ ተዋሂብዎ ንከቕርብ ፍቃደኛ ዘይኾነ ተወዳዳሪ ኣብ ዝኾነ ናይቲ ትካል ናይ ዕደጋ ውድድር ንዘይተወሰነ እዋን ከይሳተፍ ደብዳቤ ይፀሓፈሉ ።

10. እቲ ንብረት ናብ ዋ/ቤ/ፅ ኢ/ስ/መ/ት ምስ ኣተወ ኣብ ውሽጢ 5' መዓልቲ ክፍሊት ክፍፀመሉ ፍቓደኛ ዝኾነ

11. እቲ ኢንተርፕራይዝ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle